# ሪፖርተጅ በዓል ናጽነት ኤርትራዉያን ተቐማጦ ሆላንድ

ኤርትራዉያን ነበርቲ ከተማታት ሆላንድ መበል 24 ዓመት በዓል ናጽነት " ልምዓት ብጽንዓት '' ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ ንባህልን መንነትን ሃገርና ብዘንጸባርቅ ሃገራዊ ስኒትን ጥምረትን ኤርትራዉያን ብዘድመቐ ዉዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ተጸምቢሉ ዉዒሉ።

ኣብቲ ብርክት ዝበሉ ዜጋታት፡ ካብ መላእ ከተማታት ሆላንድ ዝመጹ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታትን፡ ዕዱማት መሓዙት ኤርትራ ዝተረኽብሉ ስነ ስርዓት፡ ጽንብል በዓል ናጽነት፡ ብዝኽሪ ሰማእታትን ብሃገራዊ መዝሙርን ድሕሪ ምኽፋቱ፤ ኣብ ሆላንድ ተወሊዶም ብዝዓበዩ ህጻናት ተማሃሮ ብቓንቓ ኣደ ብዘቅረብዎ ሃገራዊ መዝሙር እዩ ተጀሚሩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ናይ መኽፈቲ መደረ ዘስምዐ ፡ ኣቦ መንበር ሽማግለ በዓላት ኣቶ ሰለሙን ዮሴፍ ነዚ ናይ ሎሚ መዓልቲ በዓል ናጽነት ከነኽብር ከሎና ናይቲ ኣዝዩ መሪር ሓያል መስገደል ዝሓልፎ ናይ ኣሰታት 100 ዓመት ዘይሕለል ብድሆን መኸተን ዛንታ ኣንጻር ተኸታተልቲ መግዛእትን ዕሱባቶምን ዝሓለፎ ቃልሰን ዘውዲ ናቱ ስለዝኾነ እዩ በዓል ናጽነትና ረዚን ዝኸውን እዚ ናይ ሎሚ መዓልቲ እነካይዶ ጽንብል ድማ ምስ ሃገናን ህዝብናን ዘለና ጥቡቕ ምትእስሳርን ኪዳንን እነሕድሰሉ ኣጋጣሚ'ዩ ክብሉ ድሕሪ ምጥቃስ፡

ኣብ መወዳእታ ድምቀት ጽንብል ናጽነት ኣብ ውሽጥን ወጻእን ፍረ ጽንዓትን ድልዱል ሓድነት ዝሰረቱ ሓያል መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ብምሕባር፡ ጉዕዞ ልምዓት ኤርትራ ብውዲታትን ሸርሒታትን ጸላእቲ ዝሰናኸል ከምዘይኮነ ብምርግጋጽ፡ ነዚ ብኽቡር መስዋእቲ ዝመጸ ናጽነትን ክብረትን ንምዕቃብን ብልምዓታዊ መደባት ንምኹልዑን፤ ንዝኾነ ይኹን ተጻብኦ ከም ወትሩ ብሓያል መኸተ ንምፍሻሉ፤ መሳርዕና ኣደልዲልና ብንቕሓት ልዑል ተራ ክህልወና እናተላብኹ ሰናይ ናይ ምዝንጋዕ ምሸት ክኾነልኩም ይምነ ብምባል መደረኡ ዛዚሙ።

ሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳያት ኣብ ሆላንድ ኣቶ ሰሎሙን መሓሪ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ግንቦት 24 መጋረጃ መግዛእቲ ንሓዋሩ ዝተቀንጠጠላ ህዝቢ ኤርትራ ድማ፡ ጻማ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ በደላትን፡ ጻማ ጽንዓቱን መስዋቱን ሰንክልንኡን ስደቱን ዝተኻሕሰላ፡ ትንፋስ ናጽነት ዘስተንፈሰላን ዕለት ብምኻና፡ ርእሰ ኣዉደኣመትና ኮይና ንዘልኣለም ብድምቀት ክትዝከር እያ።

ናጽነትና ክንጽምብል ኣብ ንተኣኻኸበሉ ልዕሊ'ቲ ሓጎስን ጸወታን ነዚ ክቡር ናጽነት ጋህዲ ዝገበረ ጽንዓትናን ሓድነትናን ስለዝኾነ፡ ጠመትና ሓድነትና ኣብ ምድልዳል ክተኩር ስለዘለዎ፡ ኣብ ሆላንድ እንነብር ኤርትራውያን ድማ እዚ ሓላፍነት እዚ ኣብ ዝባና ከምዘሎ ብምግንዛብ፡ ዘሎና ዓቅምን ክእለትን ተመክሮን፡ ብፍላይ ማሕበረ ኮማትና ንምድልዳል ክንሰርሕን ኣበርክቶ ክንገብርን፡ ብሓላፍነት ክንርእዮ ዘሎና ዕማም ኮይኑ፡ ከምቲ ብቀጻሊ ዝግለጽ ኮማትና ምስዝድልድላ ሓድነትና ብድምቀት ክርኤን፡ ደቅና ክራኸብሉ ዝኽእሉ ባይታ ክጣጣሕን ስለዝኾነ፡ ወረስቲ ክንገብሮም ዝህልወና ዕድል ገፊሕ ይኸውን፡ ካብዚ እምነት እዚ ተበጊስና፡ ኣብ ማሕበረ ኮማትና ተሳታፍነትን ኣበርክቶን ክህልወና ብዕቱብ ክንጥምቶ ይግባእ።

እዚ ውዱእ ኮይኑ እንሳተፎ ዘሎና ዓቢ ውራይ፡ ብዙሕ ጉልበትን ግዜን ወጻኢታትን ዝሓትት ኮይኑ፡ ንህዝቦም ከገልግሉ ድኺምና ከይበሉ ንዝጸዓቱ ኣካላት ዝተፈላለያ ማሕበራትናን ውልቀ ሰባትን፡ ብዓቢኡ ድማ መንእሰያትና ንነዊሕ ስለዝሰርሑሉ፡ ብስም ኩልኹም ተሳተፍቲ እንቓዕ ጻማኹም ኣርኣየኩም ይብሎም፡ ዝያዳ ክሰፍሕን ብዝተፋላለዩ ምህዞታት ክህብትምን ግን፡ ናይ ኩልና ብፍላይ ድማ ናይቶም ዝተፈላለየ ክእለት ዘሎኩም ተሳታፍነትኩም ከተዕዝዙ፡ በዚ ኣጋጣሚ ይጽውዕ ድሕሪ ምባል።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ሰሎሞን ነጻነትና ፍልይትን ዕዝዝትን እያ ክንብል ከለና፡ ብትካቦ ወይ ተለጊሳ ዝተዋህበትና ዘይኮነት፡ ሰፍ ዘይብል መስዋእትን ስንክልናን ማሕነቕትን ምርሻንን ማእሰርትን ዕንወትን ስደትን ዝኸፈልናላ ስለዝኾነት፡ ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ዝህልዋ ሚዛን ዓቢ ስለዝኾነ እዩ፤ እቲ ሓቂ እዚ ስለዝኾነ ድማ፡ ክንሕበነላን ክንከናኸናን ታሪኻዊ ሓላፍነት ኣለና ብምባል መደረኡ ዛዚሙ።

ቀጺሉ ዝቀረበ ቃል ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣቶ ነጋሲ ካሳ፡ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ “ናጽነት ክውን ንምግባርን ልኡላውነት ንምውሓስን ናብ ቃልሲ ቊጠባዊ ሓርነት ከም እንጥምት ንዝገበሩ ሰማእታት ክብርን መጎስን ይብጸሓዮም” ድሕሪ ምባል፡ ንኤርትራ ኣብ ዓንኬል ዲፕሎማስያዊ ተነጽሎ ንምእታው፡ ልኡላውነታ ኣብ ሓደጋ ንምእታው ዝተኣልሙ ውዲታት ፍረ ኣይተረኽቦምን ጥራይ ዘይኮነ፡ ከምዘይከኣል'ውን ጉሉሕ ኮይኑ ከምዘሎ ኣስሚሩሉ።

እቲ ጽንብል - ብረዚን ዋጋ ዝተረኽበት ናጽነትና ንእተሰክመና ሓላፍነት ንምትግባር ሙብጽዓና እነሐድሰሉ ዕዙዝ ጽንብል ምዃኑ ጠቒሱ፡ ከም'ቲ ናጽነት ንምምጻእን ንምውሓስን፡ ሃገር ንምልማዕን ንምብልጻግን'ውን ውህደት ኩሉ ኤርትራዊ ክድንፍዕ ከምዝግባእን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ቃልሲ ወለዶታት'ዩ ድሕሪ ምባል፡ አስዒቡ ብመንጽር ምህናጽ ሃገርን ዘጋጥሙና ዘሎዉ ተጻብኦታትን ሓድነት ህዝብና ንምፍሓቅን ንምድኻምን አብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝተአልሙ ናይ ተጻባእቲ ዉሽጣዉን ግዳማዉን ዉዲታትን፡ ከምኡዉን መስርሕ ናይ ተጻባእትን ዕላማታቶምን ዝተማህዘን ከምዝፈሸለን ምሕባር፡ ሳላ ሓድነትናን መኸተናን፡ ሎሚ ውን ጉደና ዕቤትና ዝዕንቅፈና ከቶ የለን ድሕሪ ምባል፡ ንዕቤትን ብልጽግናን ሃገርና ወትሩ ድሉዋት ክንከውንን፡ እዚ ጽንብል ማዕረ'ቲ ደስ-ደስ ሓላፍነት ዘሰክም'ውን ስለዝኾነ፡ ዜጋታት ንቕሓቶም ኣበሪኾም ንሃገራዊ ዕቤትን ብልጽግናን ክሰርሑ ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ እቶም ክልተ ህቡባት ጋዜጠኛታት መሓዙት ኤርትራ Director Christophe Joubert Dr. Mohammed Hassan ኣብ መድረኽ ቀሪቦም ብዛዕባ ኤርትራ ኩሉ ዝበሃልን ንምንታይ ዕላማ ንክወቅዕ ከምዝተማህዘን ብስእሊ ዝተሰነየ ንዊሕን መሃርን ሃናጽን ዝኾነ ብዘዕባ ኤርትራን ህዝባን ካብ 1993 ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወጠነ ሸርሕታትን ውዲታትን ብሓያል መኸተ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከምዝፈሸለን ብኣድናቆት ገሊጾሞ፡ ኣብ መጨረሻ ንሕና ኩሉ ብዛዕባ ኤርትራ ዝወሃብ ጌጋ ሓበሬታ ንኽነቃልዕ ተዓጢቅና ተበጊስና ኣለና ምስ በሉ

**ህዝቢ ካብ ኮፍ ዝበሎ ተንሲኡ ንኽብሪ እቶም ክልተ ጋዜጠኛታት ናይ ሓጎሱ መግለጺ ብእልልታን ጣቒዕትን ጌሩ ኣደራሽ ኣንጎድጊድዎ፥**

**ዓወት ንሓፋሽ!**
**ሚድያ ጎስጋስን ሓበሬታን ሆላንድ**